

TCOGLA


# ማሕበር ተጋሩ ኣብ ሎስ ኣንጀልስን ከባቢኣን

Tigrean Community of Greater Los Angeles

P. O. Box 741150, Los Angeles, CA. 90004


## ካብ ማሕበር ተጋሩ ሎስ ኣንጅልስን ከባቢኣን ዝወጸ መግለጺ፦

ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ክልል ብሔር ኣምሓራ፣ ብፍላይ ኣብ ከባቢ ጐንደር፣ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ተጋሩ ኣሕዋትና፣ ተጋሩ ብምዃኖም ጥራይ ዝተፈጸመ ናይ ሕይወትን ናይ ንብረትን ምጥፋእ ግፍዕን፣ ናይ ናብራ ምዝንባልን  ዝበጽሖም በደል ስለ ዘተሓሳሰበና፣ ቦርድ ማሕበርና ነቲ ዘሎ ቅልቅላው ገምጊሙ፣ ነዚ ዝስዕብ መግለጺ ይህብ፦

ብመሰረቱ ኣብ መንጎ ህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ኣምሓራን ናይ ዓሌት ፍልልይ ዘምጽኦ ምንም ጽልኢ ኾነ ቅርሕንቲ ከምዘየሎ ማሕበርና እምነቱ እዩ። ይኹን ድኣምበር ቅድም ክብል ኣብ ወጻኢ (Diaspora) ዝነብሩ እሞ ብባዕዳውያን ጸላእቲ ኢትዮጵያ ዝምርሑ ጸረ-ሰላም ሓይልታት፣ ንነዊሕ እዋን ኣንጻር ተጋሩ ከተሓላልፍዎ ዝጸንሑ መልእኽቲ፣ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ብዝነብሩ ስዓብቶም ዘናኸስዎ ሓዊ ምዃኑ ንምፍላጥ ኣሸጋሪ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ኣብ ኸባቢ ጐንደርን ካልእ ቦታን ዝነብር ህዝቢ ኣምሓራ ንብዙሓት ተጋሩ ካብ ጸረ-ሰላም ሓይልታት ተኻላኺሉ ስለ ዘናገፎም፣ ምንም እኳ ሰብኣዊ ሓላፊነቱ እንተኾነ፣ ንዝገበሮ ሰናይ ተግባር ከየመስገንናዮ ኣይንሓልፍን።

**<u>ንምጥቓላል፣ ማሕበርና እዘን ዝስዕባ 6 ውሳነታት የተሓላልፍ፦</u>**

1) ኣሕዋትና ኣብ ሃገሮም ብግፍዒ ክቕተሉን ከምወጻእተኛታት ተቖጺሮም ክባረሩን ብምርኣይና ኣምሪርና ንሓዝን፣
2) መንግሥቲ ነዚ ግፍዒ ንዝፈጸሙ ወንጀለኛታት ተኻታቲሉ ብቕልጡፍ ናብ ፍርዲ ከቕርቦም ንላቦ፣
3) ጸረ-ብሔር ሰበኻ ንዘካይዱ፣ እዙይ ጸረ-ሓድነት ህዝብን፣ ጸረ-መላእ ኢትዮጵያን ስለዝኾነ፣ መንግሥቲ ዝግባእ ስጉምቲ ክወስድ ንላቦ፣
4) ዝተወረረን ዝተቓጸለን ንብረት ተገሚቱ ንዝተባረሩ ኣሕዋትና ንብረቶም ክምለሰሎምን፣ ካሕሳ ክከሓሱን ንላቦ፣
5) ነቲ መንግሥቲ ዘካይዶ ዘሎ፣ ህዝቢ መሰረት ዝገበረ ምይይጥ ንኽቕጽል ኣጥቢቕና ንድግፍ፣
6) ማሕበር ተጋሩ ሎስ ኣንጅልስን ከባቢኣን ምስ ዓለምለኽ ዘለዉ ተጋሩን፣ ኩሎም ፈተውቲ ተጋሩን ተሓባቢርና ናይ ሰላምን፣ ናይ ምፍቕቓርን መገዲ ክፍጠር ንምቅላስ ድልዋት ምዃንና ንገልጽ።

ማሕበር ተጋሩ ሎስ ኣንጅልስን ከባቢኣን